በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፣ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

# “ኣጠቓቕማ መጽሓፍ ቅዱስ”

# <u>ንመጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ኢና ንርድኦ?</u>

መደብ መበል 19 ዓመታዊ ጉባኤ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሰሜን ኣመሪካ።

መሪሕ ጥቕሲ "ኣነ ዝሓስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡ ሓሳብ ደሓን እምበር፡ ናይ ክፋእ ኣይኰነን፡ ይብል እግዚኣብሔር” ኤርምያስ 29:11።

ቅዱስ ሚካኤል ቤተ ክርስቲያን

ሓምለ 20 –23, 2017።

ሻርለት፡ ኖርዝ ካሮላይና

ቀሺ ቴድሮስ ተስፋይ

# ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብሓጺሩ



- **ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ**
  - **ተጻሒፉ ንኽዛዘም ጥራይ 15 ክፍለ ዘመናት ወዲኡ። ልዕሊ 40 ጸሓፍቲ፡** ንኹሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝውክሉ (ነገስታት፡ ወተሃደራት፡ ሓረስቶት፡ ተመራመርቲ፡ ገፈፍቲ ዓሳ፡ ቀረጽ ዘኽፍሉ፡ ገጠምቲ፡ ሙዚቀኛታት፡ ሰበሥልጣን መንግስቲ፡ ምሁራትን ጓሶትን) ይርከብዎም።
  - **ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለማትን ሃገራትን ዝተጻሕፈ ኮይኑ፡ ውሽጣዊ ውህደትን ስኒትን ምውናኑ ፍሉይ ይገብሮ።** ንኣብነት ነ. ሙሴ ኣብ በረኻ፡ ነ. ኤርሚያስን ሃ. ጳውሎስን ኣብ ቤት ማሕቡስ፡ወ. ሉቃስ ኣብ ዑደት፡ ሃ. ዮሃንስ ኣብ ስደት (ደሴት ጳጥሞስ)። ኣብ ኤስያ፡ ኣፍሪቓን ኤውሮጳን ዝተጻሕፈ ምዃኑውን ተወሳኺ ፍሉይነት እዩ።

# ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብሓጺሩ



- ❖ ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ
  - ❖ **ብዝተፈላለየ ቋንቋታትን ቅዲ ኣጻሓሕፋን ዝተጻሕፈ ምኻኑ ንመጽሓፍ ቅዱስ ፍሉይ ይገብሮ።** ብቋንቋታት እብራይስጢ፡ ኣራማይስጥን ግሪኽን ዝተጻሕፈ ኮይኑ፡ ኣጻሓሕፋኡ ኸኣ ግጥሚ፡ ታሪኻዊ ዘገባ፡ መዝሙር፡ ደብዳበታት፡ ውልቃዊ ሰነዳት፡ ታሪኽ ህይወት ዓበይቲ ሰባት (ብኻልኦትን ብቶም ሰባት ባዕላቶምን)፡ ትንቢት፡ ምሳልያዊ መልእኽታት ምልክታትን።
  - ❖ **ዝተፈላለየ ተኣፈፍትን ኣካታዕትን ጉዳያት ብንጹር መገዲ ዘስፈረ ብምኻኑ ንመጽሓፍ ቅዱስ ፍሉይ ይገብሮ።** ካብ ዘፍጥረት ክሳብ ራእይ ዮሃንስ ብስሙርን ውህዱን መገዲ ብዛዕባ ጉዳያት መርዓ፡ ፍትሕ፡ ዝሙት፡ ግብረ-ሰዶማውነት፡ ፍቅርን ምእዛዝን ኣብ መንጎ ስድራ ቤትን ሕብረተሰብን፡

# ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብሓጺሩ

- **ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ**
  - **ብዝተፈላለየ ጸሓፍትን ኣብ ኣዝዩ ዝተረሓሓቀን ግዜያት ዝተደርሰ ክነሱ ማእከላይ መልእኽቱ “እግዚኣብሔር ንደቂ ሰብ ዝመደቦን ዝፈጸሞን ድሕነት” ብውህደትን ብዘይ ረጽምን ብምግላጹ ንመጽሓፍ ቅዱስ ፍሉይ ይገብሮ።** ኣብ ዘፍጥረት፡ ኣዳምን ሄዋንን ካብ ገነት ኪወጹ ከለዉ፡ ብመሥዋእቲ ወልደ እግዚኣብሔር ከ ኣብ ራእይ የውሃንስ ከም እንደገና ገነት ንምእታው ከምዝከኣለ የነጽር። ደገ ኦም ህይወት ኣብ ዘፍጥረት ተዓጽዩ፡ ኣብ ራእይ የ ከኣ ሓንሳእን ንሓዋሩን ተኸፍተ።



  - **ዝተፈላለዩ ሰባትን መራሕትን ናይ ህዝቢ ኣምላኽ እኳ እንተተገልጹ፡ እቲ መሪሕን ማእከላይን ግን ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን፡ ክርስቶስ መድሓኒ ብምግላጹ ንመጽሓፍ ቅዱስ ፍሉይ ይገብሮ።** ኦሪት ኪዳን፡ መጻሕፍቲ ታሪኽ፡ ዓበይትን ንኣሽቱን መጻሕፍቲ ነብያት ከኣ ትጽቢት ንክርስቶስ ይገልጽ። ሓድሽ ኪዳንውን ብተመሳሳሊ፡ እቶም ኣርባዕተ ወንጌላት ታሪኻዊ ትሕዝቶ ናይ ክርስቶስ፡ ....ካብ መእተዊ ክሳብ መዕጸዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ማእከሉ ይገብር።

# ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብሓጺሩ

- ❖ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ
  - ❖<u>ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ በመንጽር ትርጓሜኡ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ቋንቋታት። </u>ንኣብነት መርበብ ሓበረታ ዓለም-ለኸ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ (United Bible Societies 2010 Scripture Distribution Report: www.unitedbiblesocieties.org) ከምዘብርሆ መጽሓፍ ቅዱስ **ብኣስታት 2,200 ቋንቋታት ተቶርጊሙ ይርከብ።** ኣብ ዓለም ከም መጽሓፍ ቅዱስ ጌሩ ናብ ክንዲዚ ዝኣክል ቋንቋታት ዝተቶርጎመ መጽሓፍ የሎን። **ኣብ ዓለም ኣስታት 6,500 ቋንቋታት ከምዘለው ይንገር።**



# ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብሓጺሩ

## ❖ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ

- ❖ **ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ በመንጽር ንምጥፋኡ ዝተገብረ ፈተናን ንኹሉ ዘመናት ሰጊሩ ብተዓጻጻፍነት ምዕባዩን።** *"ሰማይን ምድርን ይሓልፍ ቃለይ ግን ኣይሓልፍን እዩ" ማቴ 13፡31 ዝብል ብታሪኽ ምስኩር እዩ።* ***ነገስታት ሮማ …ንኣብነት ኣብ 303 ዓ. ም. (ፈረንጂ) ዲያክልጥያን (ዲቅልጥያኖስ)*** ዝብሃል ንጉሥ ሮማ ክርስትያናትን መጽሓፍ ቅዱሳት ጽሑፋት ከጥፍእ ኣውጁ ዝክኣሎ ጌሩ ግን ኣይተዓወተን። ***ኣብ 1778 ቮልተር ዝተባህለ ፈረንሳዊ ድሕሪ 100 ዓመታት (ኣስታት 1877)*** መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ገጽ ምድሪ ኪጠፍእ እዩ ኢሉ ንምጥፋኡ ይጉስጉስ ኔሩ። 50 ዓመታት ድሕሪ ሞቱ፡ ናይ ጀነቫ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ንገዛ ቮልተር ገዚኡ ካብኡ መጽሓፍ ቅዱስ ሓቲሙ ኪዝርግሕ ጀመረ።
- ❖ **ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ ብትሕዝቶኡን ንደቂ ሰብ ዝህቦ ትምህርትን።** ኣብ ጋህዲ ዓለም ንዘጋጥም ኩሉ ሕማቕን ጽቡቕን፡ ፈተናን ዓወትን፡ ሓዘንን ሓጎስን ብግልጺ ዘስፈረ ብምዃኑ ሓደ ካብቲ ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ እዩ።

# ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብሓጺሩ

- **ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ**
  - **ብዙሓት ጽሑፋት ኣእምሮ ናይ ደቂ ሰባት የማዕብሉ፤ መጽሓፍ ቅዱስ ግን ንባሕርይ ሰብ ናይ ምልዋጥን ብሓድሽ ፍጥረት ምንባርን የኽእል።** (ኣብነትታት፡ ቅዱስ ቈስጥንጢኖስ፡ ቅዱስ ሙሴ ጸሊም፡ ካልኦት ብዙሓትን ካብ እዝዩ ሕማቕ ሕይወት ናብ ቅድስና ዝሰገሩ ብቅዱስ መጽሓፍ እዩ።)
  - **ፍሉይነት ብመንጽር ኣበርክቶ መጽሓፍ ቅዱስ ንሥልጣነ ወዲ ሰብ።** ካብ ዝኾነ ጥንታዊ ይኹን ዘመናዊ መጽሓፍ፡ ከም መጽሓፍ ቅዱስ ጌሩ ንምዕባለ ወዲ ሰብ ዝጸለወን ዝቐረጸን የለን። ኣዝዩ ልዑል ሞራላዊ መምርሒታትን ሕግታትን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብምህላዉ ብብዙሓት ናይ ታሪኽ መጻሕፍትን ፈላስፋታትን ተመስኪሩሉ እዩ። ንኣብነት፡ ሥርዓተ ፍርዲ <u>(ብሰለስተ መሰኻኽር ዝቐመ ሓቅነት ይህልዎ ዝብል ኣምር፡ ሎሚ ዓለም ኣብ ፍትሒ፡ ሳይንሳዊ ምዕባለ፡ ወዘተ ትጥቀመሉ)።</u>

# ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ ዝመስከሩ ...




- ❖ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ *"ረብሓ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ።"*
- ❖ ነብዩ ሆሴእ *"ሕዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ" 4፡6*
- ❖ቅዱስ ጅሮም ዘቤት ልሔም (347-419) *"ንቅዱሳት መጻሕፍቲ ሸለል ምባል፡ ንመድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሸለል ምባል'ዩ"*
- ❖ቅዱስ ጅሮም ዘቤት ልሔም (347-419) *"ንክንጽሊ ከሎና ንሕና ንእግዚኣብሔር ንዛረቦ፡ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከነንብብ ከሎና እግዚኣብሔር ንዓና ይዛረበና።"*

# ፍሉይነት መጽሓፍ ቅዱስ ዝመስከሩ ...



- ❖ ጆርጅ ዋሽንግቶን *“ብዘይ እግዚኣብሔርን ቅዱስ መጽሓፍን፡ ንዓለም/ሃገር/ ብብቕዓት ምምራሕ ኣይከኣልን”*
- ❖ ኣብርሃም ሊንከን *“እግዚኣብሔርን ንወዲሰብ ዝሓቦ ዝዓበየ ህያብ፡ ቅዱስ መጽሓፍ እዩ።”*
- ❖ ሮናልድ ረገን *“ኣመሪካን ሕዝባን ፍሉያትን ሓያላትን ኪኾኑ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጻወቶ ተራ ዓብዩ እዩ።”*

# መለኮታውነት መጽሓፍ ቅዱስ



- **<u>ትርጉም "መጽሓፍ ቅዱስ" ዝብል ቃል፡</u>** መጽሓፍ ቅዱስ ብቛንቛ ግሪኽ "ቢብልዮን" (መጽሓፍ)፤ ካብ ፓፐይርስ ዝተባህለ ኦም ንዝሥራሕ ብራና" ከምኡውን ኮድ ንዝብል ቃላት ይውክል። ብግሪኽ ድርብ ስም "ቢብሊያ" ዝብል ስም ብተዛረብቲ ላቲን ክርስቲያን ነቲ ናይ ሎሚ መጽሓፍ ቅዱስ ብሉይን ሓድሽን ከምዝሃብዎ ይፍለጥ። እቲ ኪዳን ዝብል ብላቲን ቮቱስ፡ ንሓዲስ ኪዳን (Vetus Testamentum) ንአሪት ኪዳን (Novum Testamentum)፡ ነቲ ዲኣተከ (diatheke) ዝብል ግሪኻዊ ፊደል የስምዑ። ብናይ ሎሚ ኣጠቓቕማ ቃላት "ኪዳን" ተባሂሉ ይትርጎም።
- **ኣብ ወ. ማርቆስ 13፡31 "ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ ቃለይ ግን ኣይሓልፍን እዩ።"** ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ነጽንዓሉ ግዜ፡ እግዚኣብሔር ብመልኮቱ ንመጽሓፍ ቅዱስ ከምዝዓቀቦን ከም ዝሓለዎን ንምሃር።

# መለኮታውነት መጽሓፍ ቅዱስ



- ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር፡ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን። 2 ጢሞ 3፡16-17
- መጽሓፍ ቅዱስ ንዘመናት ብመለኮታዊ ሓለዋ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ፡ ካብ ሓደ ቋንቋ ናብ ካልእ ኪሰጋገር ክኢሉ ኣብ ምንባቡን ምትንታኑን ዝርኣይ ፍልልይ ድኣ ካበይ ዝኸቐለ እዩ?
  - 2.4/6.9 ቢልዮን ክርስቲያን፡ 3,000 ብክርስትያን ዝጽውዓ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣሎዋ
  - ብሕዝቢ ዝጸደቐ ቅዋም መን ይትርጉሞ? ኩላትና ከከም ዝመሰለና እንተንትርጉሞ ኣብ ሓደ ሃገር እንታይ ምተፈጥረ?
  - ግደ ጸሎተ ኃይማኖት ከም ቅዋም (እንኮላይ ንወንጌላውያን ክርስትያን)

325 A.D. 431 A. D. Nestorians (Assyrian) → Non-Christians

381 A.D. 451 A.D. Non- Chalcedonian Orthodox

Nicea
318

Ephesus
200

Constantinople
150 Bishops

Coptic Syrian Armenian → Echimdiazin

Ethiopia Eritrea Indosyrian → Celica

Chalcedonian Orthodox

Filioque
1054 A.D.

Greece Russia Romania Bulgaria Czech

Georgia Serbia Poland Cyprus Finland

Albania Antiochian

Uniated Catholic

Old Catholic



1521

1538

Roman Catholic

Protestantism

Anglican Episcopal

(Church of England)

Reformed Church of God

Presbyterianism

Pentecostal Quakers

Baptists -Mennonites and Amish

Lutheran -Church of the Nazarene

Methodists etc.

Non-Christians

Seventh Day Adventists

Jehovah Witnesses

Mormons New Ages

Christian Science

# ፍልልይ ኣብ መንጎ ክርስቲያን



- ካህን ሉተር ዘልዓለን ቀንዲ ኣርእስተ ነገራት
- 1. መጽሓፍ ቅዱስ ጥራይ (Sola scriptura) (መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ንባዕሉ ንዝልዓል ኩሉ ሕቶ መልሲ ኣሎዎ?)
- 2. ብእምነት ጥራይ (Sola fide) (እምነትን ግብርን ዘይነጻጸል ነገራት ክነሱ)
- 3. ብጸጋ ጥራይ (Sola gratia)
- 4. ብክርስቶስ ጥራይ (Solus Christus)
- 5. ሥብኃት/ክብሪ ንእግዚኣብሔር ጥራይ (Soli Deo gloria)

# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

- ከምቲ ንሓደ መጽሓፍ ጸሓፊ ዘሎዎ፡ ቤተ ክርስቲያን ናይ ክርስቶስ ድማ ጸሓፊት መጽሓፍ ቅዱስ እያ። መጽሓፍ ቅዱስ ትርጓሜ የድልዮ፡ ቤተ ክርስቲያን ድማ ትትርጉሞ? ስለምንታይ?
  - *ቀዳማይ ጥንታዊ መጽሓፍ እዩ፤ ኣብ ዘመንና እንታይ ይብለና ከምዘሎ ክንርድኦ፡ ነየናት ሰባትን ኣበየናይ ኩነታትን ግዜን ከምዝተነግሮም ምፍላጥ ግድን ይኸውን።*
  - *ካልኣይ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተፈላለየ ኣጻሓሕፋ ስልትን ሜላን ዝሓዘለ እዩ፡ ብስነ-ግጥሚ፡ መዝሙር፡ ከም ታሪኻዊ ዘገባ፡ ትረኻ፡ ትንቢታዊ መልእኽትን ዝሓቖፈ ብምዃኑ ንምርዳኡ ብደንቢ ምጽናዖ የድሊ*

# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

- ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ምኽንያት ከኣ ባሕርይ ቅዱስ ጽሑፋት ባዕሉ እዩ። መለኮታዊ ሓይልን መንፈስን ዘለዎ ኃይማኖታዊ መጻሕፍቲ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስን ብጥንቃቐን ልክዕ ትርጉም ኪሕዝ ኣገዳስነት ኣለዎ። "እቲ ፍቑር ሓውና ጳውሎስውን በቲ ዝተዋህቦ ጥበብ ብዛዕባ እዚ እዩ ዝጸሓፈልኩም። ንሱ ብዛዕባዚ ነገራትዚ ኺዛረብ ከሎ፡ ኣብ ኵለን መልእኽትታቱ ከምዚ እዩ ዝገብር። ኣብኡ ንምርድኡ ዜሸግር ሓያሎ ነገር ኣሎ። እቶም ደናቑርን ዘይጽኑዓትን ከኣ፡ ከምቲ ነቲ ቕዱሳት መጻሕፍቲ ዚጠዋውይዎ፡ ንጥፍኣት ገዛእ ርእሶም ይጠዋውይዋ ኣለዉ።" 2ጴጥሮስ 3፡15,16።

ካብ ኦሪት ክሳብ ዘመን መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ነቲ ሓቀኛ ትርጉም ናይቲ መጻሕፍቲ ዝገልጹ ዝነበሩ ነብያትን ባዕሉ መድሓኒናን ነበሩ እምበር ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከም ዝተረድኦ ይትርጉሞ ኣይነበረን (ነብያት ንህምያ፡ ካህን እዝራ፡ "ነቲ መጽሓፍ ሕጊ ኣምላኽ ብግልጺ ኣንበበሎም፡ እቶም ህዝቢ ነቲ እተነበ ምእንቲ ኺስተውዕልዎ ድማ፡ ገለጸሎም።" ነህምያ 8፡8

# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

- *ኦርቶዶክሳዊ ውሉደ ክህነት ይኹን ምእመን፡ ከም ዝመስለኒ ኢሉ ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣይትርጉሞን እዩ።*
- *ቀዲሉ ዝመጽእ ሕቶ ብኸመይን ኪትርጎምን ክንጥቀመሉን ከምዝግብኣና ምንጻር እዩ። ንሕና ናይ መጀመርያ ክርስትያን ስለዘይኮንና ኣብዚ ናይ 2000 ዓመታት ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ብኸመይ ኪትርጉሞን ኪጥቀመሉን እያ ጸኒሓ ዝብል ሓሳብ ምጽናዕ ኣገዳሲ እዩ።*
- *እቦታት ብዛዕባኡ እንታይ ይብሉ?*
- *ቤተ ክርስቲያን ካብ ዘመን ኃዋርያት ጀሚራ ብኸመይ እያ ትርድኦን ትጥቀመሉን ኔራ?*
- *ኦርቶዶክሳውያን ክርስቲያን ክልተ መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎና ዝብል ብሂል ኣሎ፤ እዚ ድማ ዓብዩ ብልሽ እዩ።*

# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

- *1. እቲ ቀንዲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ቤተ ክርስቲያን ኣባና ንኽበጽሕ ክቢድ ሰማእትነት እንዳኸፈለት ዝዓቀበቶን ንዓናን ንኹሎም ኣብ ዳሕራይ ዘመን ዝመጹ ክርስቲያን ዘረከበቶን።*
- *2. ሕይወት ቅዱሳን ኣቦታት (ቃሎን ሕይወቶምን) ድማ ሕያው መጽሓፍ ቅዱስ እዩ*
- *ካብ ግዜ ኦሪት ጀሚሩ* እቲ መለኮታዊ ሓይልን መንፈስ ዘለዎ መጻሕፍቲ እምበኣር ንውልቀ ሰባት ይኹን ሕብረተሰብ በቲ ኣብ ቤት መቕደስ ዝንገሮ ትርጉም ይኸይድ ምንባሩ ይፍለጥ። ናይቶም ብረቡኒ ዝብል ስም ዝፈለጡ መማህራን ሓላፍነት ምንባሩ ንምሃር። ክርስቶስ ጎይታውን፡ ብዛዕባ እቶም ዕቡያት ፈሪሳውያን ኪዛረብ ከሎ፡ ዝብልኹም ኩሉ ግበሩ ዚገብርዎ ግን ኣይትግበሩ ክሳብ ምባል ዝበጽሐ፡ እቲ ቤት መቕደስን ኣገልገልቱን ዘለዎም ሓላፍነት ንምግላጽ እዩ።

# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

- *እቶም ቀዳሞት ክርስቲያንከ? ...*እቶም ቀዳሞት ክርስትያን ዝነበሮም መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብሉይ ኪዳን እዩ። ምኽንያቱ ሓድሽ ኪዳን ኣብቲ እዋን እቲ ከም ጥርኑፍ መጽሓፍ ገና ኣይተቐልቀለን። ስለዚ እቶም ቀዳሞት ክርስትያን፡ ከምቲ እቶም መራሕቲ ኣይሁድን ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስን ዝኸተልዎ ዝነበሩ ኣገባብ ኣተረጓግማ እዮም ዝኸተሉ ዝነበሩ። ብዛዕባ ትምህርትን ትሕዝቶን መጽሓፍ ቅዱስ ብሉይ ኪዳን ምስ ኣይሁድ ኪካትዑ ከሎዉ፡ *ከምዚ ሎሚ ኣብ ምንጎ ናይ ክርስትያን ማሕበራት ንዕዘቦ፡* ኣብ ትርጉም ኣይተፈላለዩን *ወይ ኣይተጨቓጨቑን*። እቶም ፈሪሳውያን፡ በቲ ትርጉም ተሰማሚዖም፡ ወይ መልሲ ይህቡ ወይ ከኣ መልሲ ስኢኖም ሓፊሮም ይምለሱ እዮም ኔሮም።
- *ሓድሽ ኪዳንከ?* ብተመሳሳሊ መገዲ ኣተረጓግማ ሓድሽ ኪዳንውን ካብቲ ናይ ኦሪት ዝፍለ ኣይነበረን። እቶም ዳሕረዎት ክርስትያን ዝተኸተልዎ ኣገባብ ከኣ፡ ዕላማ፡ ፍቓድ፡ ግብርን ቃልን ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘስምር ድኣ እምበር ከምቲ ንዕኦም ዝመስሎም ተርጒሞምዎ ዝብል ኣይንሰምዕን ኢና።

# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

*ክልተ ኣብነታት፥*

1ይ. ኣብ ግብሪ ኃዋርያት ብዛዕባ ግዝረት ዘይምርድዳእ ምስ መጸ፡ ቅ. ጳውሎስን በርናባስን ዝገበርዎ ነገር እንተኔሩ፡ ክሳብ ዝክኣሎም ፈቲኖም ምኽኒን ምስ እበዮም ናብ መራሕቲ ቤተ ክርስትያን ኣሕሊፎሞ፡ ናይ መጀመርያ ጉባኤ ቤተ ክርስትያን ኸኣ ብምኽንያት እቲ ጉዳይ ተገብረ። ውሳኔ ናይዚ ጉባኤ ናብ ኩለን ኣብያተ ክርስትያን ተመሓላለፈ። ብድሕሬኡ ዝተግብሩ ጉባኤታት ቤተ ክርስትያን ነዚ ናይ ኢየሩሳሌም ጉባኤ ምሳሌን መሪሕን ብምግባር እዮ። (ግ.ሃ. 15፡2)

2. እዚ "ዝኾነ ሰብ ንመጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ኣንቢቡ ክትርጉሞ ኣለዎ " ዝብል ጋሻ ትምህርቲ ካብ ዝቕልቀል እቲ ዝዓበየ ሳዕቤኑ እንታይ ኮይኑ ይርከብ? ቤተ ክርስትያን ኣብ ልዕሊ 32,000 ማሕበራት ተመቓቒለን። እዚ ምምቕቓል ድማ ብናህሪ ይቕጽል ኣሎ።

# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

1 ጢሞቴዎስ 3፥15 – “ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተ-ክርስትያን ሕያው ኣምላኽ” ይብላ።



እምበኣርከስ፡ ብዛዓብ እንታይነትን ተራን መጽሓፍ ቅዱስ ከም ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ክንርድኤን ዘሎና 3 ነጥብታት ንርአ።

1. ንመጽሓፍ ቅዱስ ዝተቐበሎቶ ቤተ ክርስትያን እያ።
2. ንመጽሓፍ ቅዱስ እትትርጉሞ ቤተ ክርስትያን እያ።
3. ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎ ሓቂ ክሳብ ክርስቶስ ዝምለስ እትዕቅቦ ንሳ እያ።

# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

ብኸመይ እያኸ እዛ “ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተ-ክርስትያን ሕያው ኣምላኽ”ንመጽሓፍ ቅዱስ እትትርጉሞን እትዕቕቦን?

ብሰለስተ መገድታት ድማ ይጸንዕ፡ ይትርጎምን ይዕቀብን።

1. ኣበው ሃይማኖት ብጽሑፋቶም ተርጉሞም ዝሃቡና ሓቂ ኣሎ።
2. በተን ጉባኤታት ዝተወሃበና ትርጉም ኣሎ።
3. ኣብቲ ኣምልኾና ሰፈሩ ዘሎ ትርጉማት ኣሎ።



# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

መጽሓፍ ቅዱስ ንሠለስት ነገራት የግህደልና/ይግልጸልና፡- (ኣብ ሞንጎ ሓውና ቀ/ፕሮፌሰር ኣትናቴዎስን ሓደ ሓታታትይን ዝተገብረ ምልልስ)



1. ንእግዚኣብሔር ይገልጸልና።
2. እንታይ ክምዘድልየና ይሕብረና።
3. ናብ መንገዲ ድኅነት ድማ ይመርሓና።

ከምዚ ክንብል እንከሎና ግን፡ ከም ኣመንቲ ኦርቶዶክሳውያን፡ ክንዕዘበን ዝግብኣና እዘን ዝስዕባ ፍሉያት ኦርቶዶክሳዊ ኣጠማምታት ኣለዋና።

# ትርምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ

1. ኣናብባ መጽሓፍ ቅዱስ ብእዙዝ መንፈስ ክኸውን ይግባእ።

2. ንመጽሓፍ ቅዱስ ክነንብቦ እንከሎና ካብ ቤተ ክርስ
ኣውጺእና ዘይኮነስ ብናይ ቤተ-ክርስትያን መንፈስን ሕ
እነንብቦ፡፡ (ኤቅሌስያዊ)።



3. መጽሓፍ ቅዱስ ኣነባብባና ንክርስቶስ ማእከላይ ቦ
ክኸውን አለዎ።

4. መጽሓፍ ቅዱስ ኣነባብባና ናባና ዝጠመተ (personal) ክኸውን ይግብኦ። ንኻልኦት ኪንወቕሰሉን ክንማጎተሉን ዘይኮነስ ናብ ጉዕዞ ሰማያዊት ሃገር ዝሕግዘና መምርሒ፡ ሓይሊ፡ መንፈስ፡ ምስትውዓልን ጥበብን ኪንረኽበሉ ማለት እዩ።

❖ "ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።" 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ 3፡15።

ንቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!
ንብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ኣብዚ ናይ ፈተና እዋን ኣብ ኣገልግሎቶም ዓወትን ኣሳልጦን ይሃብ!
❖ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።